National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

# ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ቲቢ ከይህ ልምም ዝግበር ምጽራይ

ብዛዕባ ምጽራይ ሕማም ሰዓል ንስደተኛታት ዝምልከት ሓበሬታ



ሕማም ዓባይ ሰዓል (**TB**) ብዓለም ደረጃ ዝርግሐ ዘለዎ ልሙድ ሕማም እዩ። ወላውን ውን ካብታ ንስኹም ዝመጻእኹሙላ ሃገር ይርከብ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ኣብ ኔዘርላንድስ ምስ ኣተኹም መርመራ ናይ ቲቢ ክትገብሩ ዘድልየኩም። እቲ ቀዳማይ ዝግበር መርመራ ኣብ ትሕቲ ሕጊ መጻእተኛታት（ሕጊ ስደተኛታት）ግድነታዊ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ መርመራ ክድገም ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብ መጠን ዝርግሐ ዓባይ ሰዓል ናይቲ ዝመጻእክሙሉ ሃገር ዝምርኮስ ይኸውን። ነዚ መርመራ እዚ ክትገብርዎ ድማ ኣገዳሲ እዩ። ንጥዕናኹምን ንጥዕና ኣብ ኣከባቢኹም ዝርከቡ ሰባትን ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## ሕማም ቲቢ እንታይ ማለት እዩ፧

ሕማም ዓባይ ሰዓል (TB) ኣዝዩ ብርቱዕ ሕማም ኮይኑ፣ ብባክተርያ ድማ ይመሓላለፍ። እዚ ሕማም እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ንሰናቡእ（ናይ ሰናቡእ ዓባይ ሰዓል）የጥቅዕ። ሓደ ናይ ሳንቡእ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ሰብ ነቲ ሕማም ብምስዓል ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላልፎ ይኽእል። ምልክታት ቲቢ ሰዓል ፣ ምጒዳል ክብደት፣ ልዑል መጠን ረስኒ ኣካላት（ምኞት）ከምኡውን ረሃጽ ለይቲ ዘጠቓልሉ እዮም። ገለ ሰባት ኣዝዩ ፈኲስ ምልክት ቲቢ ይህልዎም ወይ ድማ ዝኾነ ምልክት ኣየርእዩን። ስለዚ ከይፈለጥኩም ሕማም ዓባይ ሰዓል ክህልወኩም ይኽእል እዩ።

## ምጽራይ ሕማም ዓባይ ሰዓል

ሕማም ቲቢ ንምጽራይ ዝተፈላለዩ መርመራታት ኣለዉ። ምርጫ ናይቲ ዓይነት መርመራ ድማ ኣብ ኩነታት ጥዕናኹም፣ ዕድሜኹም፣ ከምኡውን ዝመጻእኩሙሉ ሃገር ዝምርኮስ ይኸውን። ኣየናይ ዓይነት መርመራ ንዓኹም ኣዝዩ ምቹእ ምዃኑ ንምንጻር፣ እቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኹም ዝምልከት ገለ ዝተወሰኑ ሕቶታት ክሓተኩም እዩ።

## ናይ ኣፍልቢ ራጂ

ራጂ ኣፍ ልቢ（ናይ ሳናቡእ）ንዝኾኑ ዘይንቡራት ተርእዮታት ምልክታት ሕማም ቲቢ ክኾኑ ዝኽእሉ ናይ ምንጻር ብቕዓት ኣለዎ። ውጽኢት መርመራ ራጂ ኣፍልቢ ኣብ ውሽጢ ዉሑዳት መዓልታት ክንጸር ይኽእል። እዚ ናይ ኣፍልቢ ራጂ ዉሑስ መርመራ እዩ። እዚ ዓይነት መርመራ ወላውን ንቆልዑን ነብሰጾራትን ዉሑስ እዩ። ብዛዕባ መርመራ ራጂ ኣፍልቢ ኣብዚ ብዛዕባ መርመራ ራጂ ኣፍልቢ ዝብል ንእሽቶይ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ ቆርበት መርመራ ቱበርኩሊን (Mantoux test)

እዚ መርመራ እዚ ኣዝዩ ዉሑድ ፈሳሲ ካብ ጸጋማይ ላዕለዋይ ክፋል ኢድ ወጻኢ መርፍእ ወጊእካ ምእታው የጠቓልል። እቲ ተሓጋጋዚ ሓኪም ድማ ውጽኢት ናይዚ መርመራ ቆርበት ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት ክድህሰስ እዩ። እቲ መልሰ ግብሪ ናይ ቆርበት፣ ንኣብነት ንእሽቶይ ሕበጥ፣ ብባክተርያ ናይ ዓባይ ሰዓል ተለኺፍኩም ከምዘለኹም ዘነጽር እዩ። ብዛዕባ እዚ መርመራ እዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብቲ ንእሽቶ መሐበሪ ወረቐት መርመራ ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል ኣብ ቆርበት ዝብል ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። **>>**

## መርመራ ደም (IGRA)

እዚ ምውሳድ ቅምሶ ደም የጠቓልል። እቲ ደም ድማ ናብ ላቦራቶሪ ንመርመራ ይለኣኽ። እቲ መርመራ ንስኹም ብባክተርያ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘመሓላልፍ ተለኺፍኩም ምህላውኩምን ዘይምህላውኩምን ዘነጽር

እዩ። ውጽኢት ናይዚ መርመራ ድማ ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ ሰሙናት ይወሃብ። ብዛዕባ እዚ መርመራ እዚ ዝምልከት ኣብቲ ናይ ቀርበት መርመራ ዓባይ ሰዓል ከምኡውን መርመራ ደም ዝብል ንእሽቶይ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ። >>

## ድሕሪ መርመራ ዓባይ ሰዓል ምግባርኩም እንታይ ክስዕብ እኽእል፧

- እቲ ክፍሊ  ዓባይ ሰዓል ነቲ ናይ ስደተኛታትን ምውህሃድን ኣገልግሎት [Immigratie- en Naturalisedienst] (IND) መርመራ ናይ ቲቢ ከምዝገበርኩም ዘረጋግጽ ምስክር ወረቐት ክሰደሎም እዩ። እቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD) ብተወሳኺ ነቲ ምስክር ወረቐት ንዓኹም ውን ክህበኩም እኽእል እዩ። ብድሕርዚ ንስኹም ነዚ ምስክር ወረቐት እዚ ባዕልኹም ናብቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ስደተኛታ ትን ምውህሃድን  ትሰድዎ።
- እቲ ውጽኢት መርመራ ናይ ዓባይ ሰዓል በቲ ሓኪም ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ዝርከብ ሓኪም ክግምገም እዩ።
- እቲ ውጽኢት መርመራ ንኽፍሊ ኣገልግሎት ስደተኛታትን ምውህሃድን (IND) ክፋት ኣይከውንን።
- እቲ ውጽኢት መርመራ ጽቡቕ （ኣሉታዊ） እንተኾይኑ ኣይትሕበሩን ኢኹም።
- እንተኾነግን፡ እቲ ውጽኢት መርመራ ዝኾነ ዘይንቡር ተርእዮ ምስ ዘርኢ፧ እቲ መልከፍቲ ሕማም ቲቢ ድዩ ኣይኮነን ንምንጻር ተወሳኺ መርመራ ምግባር ከድሊ እዩ። ስለዚ እቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኻልእ ቆጸር እንተዓዲሙኩም፡ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ክትከዱ ኣለኩም።
- ሕማም ቲቢ ምስ ዝህልወኩም፡ ብዝተኻእለ መጠን ክትፍወሱ ኣለኩም። እዚ ንዓኹምን ኣብ ከባቢኹም ንዝነብሩ ሰባትን ኣገዳሲ እዩ።
- እቲ ናይ ኣፍልቢ ራጂ ‘ናይ ቃሕ ሰም’ ፍጻሜ ናይ ሓንቲ ኣጋጣሚ እዩ። ብድሕሪኡ ምልክታት ቲቢ ክኾኑ ዝኽእሉ፡ ከም ሰዓል፡ ምቕናስ ክብደት፡ ምቖት ኣካላት ወይ ረሃጽ ለይቲ፡ ዝኣመሰሉ ምስ ዝረኣይኹም፡ ብድሕርዚ ብቐጻሊ ምስ ሓኪም ስድራቤትኩም ተራኸቡ። እዚ ወላ ኣብ ቀረባ ግዜ መርመራ ናይ ዓባይ ሰዓል ጌርኩም ከለኹም ማለት እዩ። ወይ ድማ ምስቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ክፍሊ ምክልኻል ሕማም ዓባይ ሰዓል ብተወሳኺውን  ዝህብ ኣገልግሎት ክፍሊ ጥዕና (GGD) ተራኸቡ።

ሕማም ቲቢ ኣፈዋውሳ ሕማም ቲቢ ንናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ምኽንያት ዝኾኑ ኣይኮኑን። ከም መትከል ድማ፡ ኣብ ኔዘርላንድስ ንሕክምናኹም ዝምልከት ፍወሳ ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም።

## በቲ እትህቡና ሓበሬታ እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

እቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕክምና ዓባይ ሰዓል (GGD)፡ ነቲ ኣብ  ውልቃዊ ሕክምናዊ ፋይልኩም ተዓቒቡ ዝርከብ ሓበሬታ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት እዩ ዝሕዞ።

## ዝኾኑ ሕቶታት፡ ዘይተነጸሩ ነገራት፡ ጥርዓናት፡ ወይ መመላእታታት ኣለዉኹምዶ፧

- ብኽብረትኩም ንኽፍሊ ምክልኻል ቲቢ ናይ GGD ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ተራኸቡ። ናይቲ መራኸቢ ዝርዝራት ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ www.ggd.nl ከምኡውን ኣብቲ ናይ ክታበት ዕድመ ክትረኽብዎ ትኽእሉ።
- ብዛዕባ ቲቢ ሰዓል ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፦ www.rivm.nl/tuberculose።

This information is available in English at:
Xogtaan oo Soomaali ah waxaa laga heli karaa:
ብቛንቋ ትግርኛ ዝተተርጎመ መልክዕ ናይ'ዚ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ ክርከብ ይከኣል፦
هذه المعلومات متاحة باللغة العربية في هذا الموضع:
این معلومات به زبان دری در اینجا قابل درسترس است:

www.rivm.nl/en/tuberculosis/information-materials

Published by:

**National Institute for Public Health and the Environment, RIVM**
PO Box 1 | 3720 BA Bilthoven
The Netherlands
www.rivm.nl/en

March 2022

Committed to *health and sustainability*

013626-TIGRINYA